*ነጻነቱ ብደሙ ኣረጋጊጹ ሓርነት ዝሓርበቶ ህዝቢ*

*መበል 25 ክፋል*

*ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ*

*በርሀ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን*

*(ንሰመር ንሰመር ሕድሪ ሰማእታትና ክትግበር)*

*መታን ነዘን ኣደታት ክርህወን*

*ከይሞታ ከለዋ ብሂወተን*

*ንሰማዓዮ ኣውያተን*

*ጃንዳ ክኀሓፉዩ ጸሎተን*

*ምስ ንሰምርዩ ዝሕበሰ ንብኣተን።*




***ክንደይ ኢለ እሞ ክገልጾ ሞያ ናይ ደልርይቲ ፍትሒ***

***ሰላም ንኩለን ምራኸቢ ብዙሃን***

***ከይተሓለሳ ዝቃለሳ ህዝቢ ንምድሓን***

***ከም ረድዮ ወጋሕታ ዘኣምሰላ ኩለን***

***ኣውያት ህዝብና ዘቃልሓ ለይትን ማዓልትን::***

***ኤትራዊያን***

***ንሰመር ንህዝቢና ንምድሐን***

***ሞያውያን ዓበይትን ናእሽቱን***

***ንሰመር ህግደፍ ከም ትኪ ክበንን***

***መንእሰያትና ናውቲ ኣካላቶም***

***እንዳ ተሸጠ ርእሰና ኣይነድንን***

***ግዝየ ይሓተና ኣሎ***

***ዘረባ ገዲፍና ግብራዊያን ክንከውን።***

***(ንሰመርርርርር ንሰመርርርርር)***

***መጽነቲ ህዝብና መታን ክዝሕዝሉ***

***ህዝቢ ኣጥሚዮም ዓዕዝብሉ ወጊሑ ጸቢሑ***

ደለይቲ ፍትሒ ምስ ባይቶ ተሳኒኹም ስርሑ
ፍርደም ክቕበሉ
ዘይንብረቶም ምንዚኦም ዝሰብሑ።

ብ.መንእሰያታና ኣሎና ንሕተት
ጭርሖ ሎሚ ዓመት
ኮይኑሎ ሰምረት ሰምረት
ውድባት ይኹና ሰልፍታት
ህዝቢ እንዳ ጸነተ ወሰን ወሰን
ኣይትበሉ ናይ ፖሎቲካ ኪኢላታት
ተዛቲና ነድሕኖ ንህዝብና ካብ ጥፍኣት
እንዳ ሰማዕኩም ኣይተጸቕጡ ደቀባት
ክነቃላጥፎ ናይ ጃንዳ  ውድቀት
ናይ ደለይቲ ለውጢ ጻውዒት
ዝነጸጋ ጽባሕ ይሕተት።

ኤረትራዊያን ኢና ምብል ኡኹል ኣይኮነን
(8)ኣውራጃታት ኣለዋላ መጸርውዒ
ናይ ደቀባት መኹርዒ
ኣቲ ምስ ጭፍለቕቲ ተጣቕዒ
ጻውዒት ደለይቲ ለውጢ ሰምዒ
ጭፍራ ምስ ተሳዕሩ ደም ከይትነብዒ።
እዚ ውን ይሓልፍ

መን ነሩ ምሱኡ ተጸጊዑ
ፈታዊኡ መሲሉ ኣዘንጊዑ
ነቲ ዓቕሉ ዝጸባባ መንእሰይ
ሕሹኽ ዝበሎ ሹዑ
ካብ ሽግር ከምልጥ
ሽየጢ ሂወቱ ጸዊዑ
ማፍያ ንደቀባት ከጽንቱ
ናብቲን ናብቲን ዝጻፍዑ
ኣቱም ምስ ማፍያ ተጣቕዑ
ጽባሕ ደም ትነብዑ።

ኤረትራዊ ሽግር ዘይጋደፎ

ደላሪት ኣሎካዶ ምስ በሎ እቲ ለባ
እወ በለ ወዲ ገርሂ ልባ
ዎዮ ሌባ
ኣብዚሎ ዘረባ በል ሃባ
እዋእ ኣብቲ ዝደልዮ ኣብጽሓኒ እባ
ገንዘብ መንዚዑ
ዎዮ ማፍያ ሕለፍ ኢሉ ኮኮቦ ናብ ዛረባ
ገንዘቡ ከፈሉ.ስ ኣጸበባ
ጸረ ማፍያ ንስመር እባ
ጀጋኑና ወደም ኳሎም
ዝወደቑ ኣብ ጎቦ ሩባ
ኣይተበጀውን ሃገርና
ክትከውን ምፍተት እኹብካብ ለባ።

ዘበን በሎ በሎ እዩ ኮይኑ
ህግደፍ ዝሀደንሉ እዩ እዋኑ
ኤረትራዊ መንእሰይ ሓሪኑ
ኣብ ኢስራኤልን ኣውሮጳን
ንሕድሪ ዝጠለሙ ሃዲኑ።

ይባሃል ኣሎ ክፍደዩ እቲ ሕነ
እዚ የዋህ ህዝቢ ዶ
ኣደዳ ምፍንቃል ምኽነ
ግና
ህግደፍ ነበረያ ነበረ ምስ ኮነ
ዝፈረሰ ህድሞና ምስ ተኸደነ
ሹዑዩ ዝህብና ብሕጊ ዝዳነ።

ጭርሖኦም ብጃንዳ ወጊሐ ጸቢሓ
ሞንጉዶ ኣብቅሎም ከምዘን ኣሓ
ኣእዳዎም ብደም ዝተማራሳሓ
ንደቀባት ኣባሪረን ዘይመረተን ዝማስሐ።



ምስ እዚዶ ይሓይሽ ኢልኪዮ ሃገረይ
ሕጂ ግን ፍር ፍር ትብል ኣላ ዓይነይ
ውድቀት ጃንዳ ይቃራረብ እኖሆለይ
ባይቶ ተተኺሎ ብ.ዓበይቲ ብናእሽቶይ
ሕድሪ ሰማእታትና
ክትግበር ክርእዮ ብዓይነይ
ጎደና ሓርነት ሸናዕ ክብልሉ መናእሰይ
ብሂወተን ዘለዋ ወለዲ ጀጋንኑ ክብላ እሰይ እሰይ
2012 ክንከውን ወነንቲ ሓርነት እዩ ትምኒተይ።
ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤረትራ
ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና
ኤረና ንለብዘበን እንበር ነዓመታሰ ሸዊት ለምለም
ዕንወት ንጃንዳ ህግደፍን ዓንገልቶምን